# *ተዓወት! ተዓወት! ተዓወት...*

# $27,000.00... ክንበጽሕ ቀሪብና።

ዕማም ኢደይ ኢድካ ምሕጋዝ ውጉኣት ሓርነት ብርኪ ክትሰብር እኖሆ ናይ ጽንብል ዳስ ይስራሓላ። **ኣሎ በረከት!** ኢልና ጨሪሕና.. በርኪትና ድማ። ስለዝኾነ፡ ውጉኣት ሓርነትና ንነዊሕ ዓመታት ካብ ሰፊሕ ህዝቦምን ወገኖምን ሃረር ኢሎም ዝተጸበይዎ ቆልሓታ፡ መዓልቱ ኣኺሉስ ብዓይኒ ምልኣት ክረጋግጽ ስድሪ ተሪፍዎ።

ኣብ'ዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ነቶም ቅድሚ ሕጂ፡ ብእኩብ ይኹን ብውልቀ፡ ንውጉኣት ሓርነትና ዓይንኹም ትደፈን ከይበልዎም ዝጸንሑ ኣሕዋትን ኣሓትን ኤርትራውያን ከምኡ'ውን ግበረ-ሰናይ ማሕበራትን ምስጋና እብጻሓዮም። እንተኾነ፡ ተማሳጊና ንፍደሰሉ ህሞት ኣይኮነን። ስራሕ ምሕጋዝ ውጉኣት ሓርነትና፡ ጌና ንቕድሚት ዝርኢ'ዩ።

እዚ ተበግሶ'ዚ፡ ዕይኡ ወዲኡ ኣብ ዓራት ክጋደም ኣይኮነን። እቶም ካብ መጀመርታ ኣትሒዞም ልግሶም ዘየቋረጹ እውን፡ መብረ ረኺብና! ኢሎም ዝዛነየሉ ኩነት ኣይኮነን። እዚ ህዝባዊ ተበግሶ'ዚ ደንጒዩ ዝጀመረ'ኳ እንተኾነ፡ በጻሕታ ወይ መዓርፎ ዘይብሉ ብቐጻሊ ናህሩ እናወሰኸ ክቕጽል ዝግበኦ ሰናያዊ ምግባር ምዃኑ ክንስሕቶ ኣይግባኣናን።

ንናህሪ ተበግሶና ንምጥንኻር፡ ንዕለት 31 ጥሪ 2009፡ ራድዮ ድምጺ ኤርትራን መስከረም.ነትን ብምትሕብባር ኣዝዩ ኣገዳሲ መደብ ወጺኡ ኣሎ (ሰዓታቱ፡ ኣብ መስከረም.ነት ተመልከቱ)። ንውጉኣት ሓርነት ከሰላ ሰላምታ ኮነ ሕቶ ክቐርብ ይካኣል። ኣብ ዝተፋላለየ ሃገራትን ከተማታትን ኣብ'ዚ ተበግሶ'ዚ ኣብ ምንጣፍ ምስ ዝርከቡ እንተ ብስልኪ እንተ ብኢንተርነት ናይ ምርኻብ ዕድል ኣሎ። ዕላማ ናይዚ መደብ'ዚ ንጥዑም ወኻዕታ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንጎስጓስ ምውጻእ ገንዘብ ብዝያዳ ንምትብባዕ ዝዓለመ'ዩ።

**ኣሎ በረከት! ነቶም ክሳብ ሕጂ ዳያሆም ክንሰምዕ ጽን እንብሎም ዘለና!**

**ኣሎ በረከት! ነቶም ደገፎም ንምዝያድ፡ በብትኡ ዝነጥፉ ዘለዉ!**

**ኣሎ በረከት! ነቶም ንህዝቦምን ንወገኖምን፡ ሰላም.. ራህዋ... ቅሳነት... ክረክብ በብኸርንዑ ዝነጥፉ!**

**ምሕጋዝ ውጉኣት ሓርነት፡ ካብቲ ኩሉ ቃልሲታት ንትንሳኤ ህዝቢ ኤርትራ ዘይፍል ዕማም'ዩ።**

.....ተበግሶ ምሕጋዝ ውጉኣት ሓርነት ሕዳር 2008፡ ዋላ ሓዱሽ እንተዘይኮነ፡ ንገለ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ሓቂ ግሁድ ገይሩ'ዩ። ኣዝዮም ብዙሓት ኣሕዋትን ኣሓትን፡ ምስ ኣየናይ ውድብ ነይሮምን ኣለዉን ብዘየገድስ፡ ከምኡ'ውን ብዕጥቂ ብረት ዘይተቓለሱ ሃገራውያን እንተኾነ ኣብዚ ተበግሶ'ዚ እጃሞም ኣበርኪቶምን የበርክቱ ምህላወምን ይብራህ ኣገዳስነቱ እራኣየኒ። በዚ ኣራኣእያ'ዚ ክምዘን ከሎ፡ ኤርትራውያን ፖለቲካዊ ፍልልዮምን ተመኩሮታቶምን ብዘየገድስ፡ ኣብ ሃገራውን ሰብኣውን ኤርትራዊ ዕማም፡ ብሓባር ክዓስሉ ዝኽእሉ ምዃኖም'ዩ።

ንኣብነት፡ ክንደይ ዝኾኑ ተጋደልቲ ወይ ሰሩዓት ህዝባዊ ግንባር፡ ወይከኣ ብጠቕላላ ብዕጥቂ ብረት ዘይተጋደሉ ኤርትራውያን፡ ኣብዚ ተበግሶ'ዚ እጃሞም ገይሮም ኮይኖም እዮም? ዝብል ሕቶ ክቐርብ

ይኽእል ይኸውን። ብርግጽ፡ እቲ ቁጽሪ ኣይኮነን ዘገድስ። ዋላ ይውሓዱ፡ ነቲ ሓጹር ናይ ወድበይ ውድብካ ብትብዓት ዝሰገሩ ምህላዎም'ዩ እቲ እወንታዊ ተርእዮ። ብኣንጻር'ዚ፡ ዋላ'ኳ፡ ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን፡ ዘይፖለቲካውን ንኹሎም ኤርትራውያን ጽጉማን ክረድእ ዝቖመን ማሕበር እንተኾነ፡ ንባዕሉ ውጉኣት ሓርነት! ክንብል ከለና፡ ኣብቲ ናይ ኤርትራ ናይ ውድባት ካርታ፡ ካበየናይ ምኻኑ ንምርዳእ ዘጸግም ኣይኮነን። ስለዚ፡ ኩሎምስ ይትረፍ ምናልባት ሓደ ዕስሪት ናይቶም ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ዝተጋደሉ'ውን እንተኾነ ክሳብ ሕጂ ንምሕጋስ ውጉኣት ሓርነት ዘየወፈዩ ምኻኖም ምስጢር ኣይኮነን። ካብ'ዚ እንማሃሮ ሓቂ፡ ኣብ ሃገራዊ ዕማም ዝሃብረረ ጥራሕ'ዩ እጃሙ ዘበርክት።

ኣብ ተሞኩሮ ሃገራዊ ቃልሲና፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ልግሲ ናይ ገንዘብ ዝመጸ፡ ንኤርትራውያን ብጠቐላላ ሰጋእ ዘብልን ብምልኣት ንምስታፍ ዘዐንቅጽን ኩነታት ምህላው ኣይሳሓትን። ርዱእ'ውን'ዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ኤርትራ ተፈጥራኣዊ ባህርን ሰብን ዝፈጥሮ ብዙሕ ማሕበራዊ ጸገማት የጋጥም ኣሎ። ንሕና ኤርትራውያን ከኣ ንዝተገድዐ እንግዳዓ ወገንና ምድጋፍ፡ ሓደ ካብ'ቲ ዓሚቕ ሰረት ዘለዎ ባህላዊ ውርሻታትና ኢዩ ኢልና ንኣምና። እምነትናን ተግባርናን ግን ንሓድ-ሕዱ ይጓነጽ ኣሎ። ስለምንታይ? ሎሚ ብተግባር ሰፊሕ ወገንና ክንሕግዝ ተኣንጎት-ተሸብሸብ ዘይንብል ዘለና? እሞ ናይ ምርዳእን ናይ ምትሕብባርን ዓሚቑ ባህላዊ ሰረት ኣለና! ምባል ድኣ እንታይ ትርጉም ኣለዎ? እቲ መልሲ፡ ብዙሕ ከይፋሓርካ ዝርከብ ኢዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሳ ዓመታት፡ ነቲ ዘኾርዕ ውርሻታትና ብሕሱም ዝጭልግምን ስለዚ ከኣ ዘዳኽምን ተግባራት ብቀጻሊ ተኻይዱ'ዩ። ብደገ-ደጊኡ ሃገራውነት ዘንጸባርቕ፡ ብውሽጡ ግን መዝማዝን ሰራቕን ምግባራት ተዘውቲሩ። እናሻዕ ጽቡቕ ይጭራሕ! ኣብ ተግባር ግን ኣሉታኡ ዝዛይድ ተርእዮታትን ውጽኢታትን ተሞኩርና!! እዚ ኣሉታ'ዚ ብመሰረቱ፡ ኣብ ሓደ ውድብ ወይ ኣብ ክልተ ውድባት ጥራሕ ዝጥቀን ኣይኮነን። ተሓታትነትን ግሉጽነትን ኣብ ኩለን ኤርትራውያን ውድባት ዝውቱር ኣይኮነን ክባሃል ይካኣል'ዩ። ብውጽኢት እዚ ኢዩ ድማ ግርህነትን ልግስን ኤርትራውያን ዝድርትን ዘንቅጽን ዘሎ።

ነዚ፡ ብሰንጣቒት ዝበትዕ ተሓድሶ ይጥለብ ኣሎ፣ ህዝባዊ ጠለብ'ዩ። ህዝባውነትን ዘይተሓታትነትን ክልተ ተራጻምቲ ባህርያትን ተግባራትን እየን። ግሉጽነትን ምስጢራውነትን ከምኡ። ካብ ህዝቢ ደገፍ ዝሓትት ትካል ይኹን ውድብ፡ ተሓታትነትን ግልጹነትን ከዘውትር ግድነት'ዩ። ኣብ'ዚ ነጥቢ ብምርጋጽ፡ ንኣመራርሓ ናይ ኤርትራ ኣካለ-ጽጉማን ከቕርበሉ እግባኣኒ ዝብል ምሕጽንታ ከቕርብ።

ምምሕዳር ናይ ኤርትራ ኣካለ-ጽጉማን፡ ወጊድነት ናይ'ቲ ኣሉታዊ ተሞኩሮ ክኸውን ትጽቢተይ ዓብዩ'ዩ። ስለምንታይ? እዚ ከዐውትዎ ተታሒዝምዎ ዘለዎ ዕማም፡ ኣብ ኤርትራዊ ማሕበራዊ ኩነት ኣዝዩ ኣገዳሲ ትካል'ዩ። ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን፡ ብመሰረቱ ህዝባዊ ትካል'ዩ። ስለዝኾነ፡ ኣብ ውሽጡ፡ ንኹሎም ኤርትራውያን (ኣብዝሓ ሱታፌ) ክሓቁፍ ብመትከልን ተግባርን ከሰንዮን ሓይል ጻዕርታት ከካይድ ከድልዮ'ዩ። እዚ ማሕበር'ዚ፡ ኣዝዩ ሰፊሕ ሃገራዊ ዕማም ክዓምም ትጽቢት ዝንበረሉ'ዩ። ኪኖ ውድባውን ፖለቲካዊን ዶብ ሰጊሩ ክጥምትን፡ ኣብ ዲሞክራሲያዊት ኤርትራ፡ ከም ሓደ ኣዝዩ ኣገዳሲ ህዝባዊ ትካል (Institution) ኮይኑ፡ ንኹሉም ስንኩላትን ጽጉማንን ኤርትራውን ልሳንን ተሓላቕን ኮይኑ ደው ክብል ካብ ሕጂ ድልውነትን ቅሩብነትን ይሃልዎ። እዚ ክብሃል ከሎ፡ ሎሚ ብተግባር፡ ንኹሉም ውጉኣት ኤርትራውያን፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ሱዳን ንዝርከቡ ምቐዳምነት ክጥርንፍን ኣብ ሓደ መደበር ገይሩ ክኣልን ሓላፍነት ኣለዎ ማለት'ዩ።

እዚ ክብል ከለኹ፡ ኣብ ሓደ ዕለት?.. ወርሒ?... ምናልባት'ውን ዓመት? ክፍጽሞን ክበቕዖን ይኽእል'ዩ ዝብል ትጽቢት የብለየን። እንተኾነ፡ ምልኣትን ኣሳልጦን፡ ውጽኢት ናይ ብቑዕ ራእይን መደብ-ስራሕን ምዃኑ እሙን'ዩ። ጉዕዞ፡ መስርሕ ስለዝኾነ፡ እቲ ዕዉት ውጽኢት ዘረጋግጽ ኣገባብ ኣሰራርሓ፡ ሓደ ኢልካ'ዩ ዝጅመር።

ንተቐማጣይ ሰማይ ይቐርቦ። እወ ስራሕን ተሳታፍነትን ይሓተት። ድልዱል ናይ ሰብን ገንዘብን ዓቕምታት የድሊ። ንስዉርን ዘይስውሩን ፖለቲካዊ ጣቓታት ምግላህ ሓያል ጻዕሪታት ዘድልዮን ምዃኑ እርድኣኒ። እንተኾነ፡ ንቕኑዕ ህዝባዊ ጉዕዞ ካልእ መተካእታ ኣይርእየሉን። እንተ እቲ ናይ ህዝቢ ጸጋታትን ድልውነትን ግን፡ ኣብዚ ክካየድ ዝጸንሐ ተበግሶ ተገንዚብናዮ ኢና። ህዝብና፡ ተሓታትነት፡ ቁሉዕነትን ጽርየት ኣሳራርሓ ድኣ ይሓትት ኣሎ እምበር፡ ጸጋታቱ ንህዝቡ፡ ንሃገሩን ድልው ምዃኑ ኣይሳሃትን።

እንተ ብወገነይ፡ ኣብ ኣማራርሓ ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን እወንታዊ ኣራኣእያ ኣሎኒ። ነዚ ማሕበር፡ ህዝባዊ ትካል ክገብርዎ ቁሩባት ምዃኖም በሪሁለይ ኣሎ። ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ተሓተትን ግሉጻትን ክኾኑ ኣብ ኣረዳድኣ ዛጊት ጸገም ኣይረኣኹሎምን። እንተኾነ፡ እዚ ተኽእሎታት እምበር፡ ርጉጽነት ኣይኮነን፣ ሓቅነቱ፡ ንቕድሚት ክረአ ዘለዎ ስለዝኾነ። ኣነ ብዛዕባ ባይታ ናይ ለውጢ ኣብ ውሽጢ ማሕበር ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ ስንኩላን ምህላዉ'የ ዝሕብር ዘለኹ። ብምልኣት ደፊኡን ደጊፉን ናብቲ ክብጻሕ ዝግበኦ ደረጃ ክድርኽ ዝኽእል ተሳትፎ ናይ ህዝቢ የድሊ። ተሓታትነትን ግሉጽነትን መሊኡ ክሰርሕ ድማ፡ ናይ ኩሎም ኤርትራውያን ብፍላይ ድማ ኣብ መራኽቢ ብዙሓን ዝነጥፉ ሓያል ግደ ይሓትት። ናይ ኣሰራርሐኦምን ከመይ ንውጉኣት ይኣልዩን ሓቅነት ንምርግጋጽ ድማ ብራኼን ምርቓን ናይ ምምሕዳር ናይ ኤርትራ ኣካለ-ጽጉማን ምጽባይ ዘድሊ ኣይመስለንን። እቲ ሜዳ ናይ ሓቅነት ንምርካብ ሰፊሕን ርሑብን እመስለኒ። ጠለብ ንናይ ኣሰራርሓ ጽርየትን ንሓፍነትን ኣይቃደዋን እየን። ስለዚ ብዘይንሓፍነት ጌጋታት ምቅላዕን፡ ብቕንዕና ጌጋታት ይኹን ብልሽውና ክእረም ድፍኢት ምግባርን ንዜጋታት መሰልና ኢዩ።

እዚ ሓቅታት'ዚ ኣብ ባይታ ብሩህ እናሃለወ፡ እሞ እዚ ማሕበር ናይ ኤርትራ ኣካለ-ጽጉማን ንቕድሚት ክስጉም ፍቓደኛነቱ እናርኣየ፡ ብናይ ዝሓለፈ ተሞኩሮታት ዕቃቤታት ሒዝካ፡ ንሙሉኣት ውጉኣት ሓርነትና ካብ ምድጋፍ ምብኳር፡ ቅንጣብ ርታዓውነት ኣይረኽበሉን።

ተበግሶ ምሕጋዝ ውጉኣት ሓርነት፡ ሕዳር 2008

ጸጋይ ነጋሽ